## ንሶም ፀረ-ጀርም ኣይተቐበሉን

- ርኽስቶም ብሓፈሻ **ብቫይረስ ዝመፀ እዩ።**
- **ፀረ-ጀርምታት** ኣንፃር ቫይረሳት **ኣይሰርሑን። ኣብ ናቶም ኩነታት ምንም ዓይነት ፅልዋ** የብሎምን።
- **ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሞም** ነቲ ረኽሲ ንምቅላስ እኹላት እዮም።

## ፀረ-ጀርም ተቐቢሎም ኣለዉ

- ረኽሶም **ብባክተሪያ ዝመፅእ** ብፀረ-ጀርም ክሕከም ዘለዎ እዩ።
- ንኣፅጋቢ ውፅኢት፣ **ነቲ ፀረ-ጀርም ብትኽክል ይውሰድዎ።** ርግፀኛ እንተዘይኮይኖም ንሓኪሞም ይሕተቱ።
- ብሓኪም ዝተኣዘዙ ፀረ-ጀርምታት ንካልኦት ሰባት **ኣየካፍሉ።**
- ብሓኪም ዝተኣዘዙ ፀረ-ጀርምታት ንኻልእ ረኽሲ **ኣይጠቐሙ።**



REPUBLIQUE
ET CANTON
DE GENEVE
POST TENEBRAS LUX

# ፀረ-ጀርምታት: ቁልፊ ነጥብታት

- **ፀረ-ጀርምታት ባክተሪያ ዝቐትሉ መድሓኒታት እዮም።** ብባክተሪያ ዝመፅእ ረኽሲ ኣብ ምቅላስ ሰውነቶም ንምሕጋዝ ኣድለይቲ እዮም።
- **ዝተፈላለዩ ረኽስታት ብዝተፈላለዩ ባክተሪያታት** ይመፁ። ሕድሕዶም **ዝተፈለየ ፀረ-ጀርምን ንውሓት ግዘ ሕክምናን** ይደልዩ።
- **ፀረ-ጀርምታት ሓደገኛ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም :** ንኣብነት፣ ኣለርጂታትን ፀገማት ምሕቓቕ ምግብን ከስዕቡ ይኽእሉ እዮም።
- ፀረ-ጀርምታት ኣድላዪ ኣብ ዘይኮነሉ ምውሳድ **ኣንፃር ባክተሪያ ዘይውፅኢታዊ** ክገብሮም ይኽእል: እዞም ባክተሪያ "ንፀረ-ጀርምታት ተፃወርቲ" ተባሂሎም እዮም።
- እዞም ተፃወርቲ ባክተርያ ኢንፌክሽን እንድሕር ኣስዒቦም፣ **ንምሕካም ብጣዕሚ ከቢድ** ክኸውን ይኽእል እዩ።

*ኣብ ዝኾነ ኩነታት፣ ረኽሶም እንተገዲዱ ወይከዓ ነቲ ፀረ-ጀርማዊ ሕክምና ክፅመሙዎ እንተዘይከኢሎም (ንኣብነት፣ ኣለርጂያዊ መልሰ ተግባር እንተሃልዩዎም) ሕክምናዊ ክንክን ክረኽቡ ኣለዎም።*

ተወሳኺ ሓበሬታ:
www.ge.ch/antibioresistance